## ስርዓት ህግደፍ ኣቦ-መንበር ናይ'ቲ ብካርቱም ፕሮስስ ዝተሰመየ ጸረ-ስደተኛታት መደብ ኤውሮጳ ኮይኑ

ምስ'ዚ ዝተኣሳሰረ ከንቲባ ደሴት ላምፔዱዛ ዝኾነ ሲኞረ ቶቶ ማርቲሎ ከም'ዚ ይብል። " ንሕና ኑቲ ወደብ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክፉት ጌርናዮ ኣለና።" መዳፍዕ ኣይዓጠቕናን እንታይ ደኣ፡ ፍትሒ ሓቂ። ንሕና እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም እተው ኢልና ንቕበሎም ኤርትራውያን ሱዳናውያን ሶማላውያን ሓተቲ ዑቕባ 'ምበር፡ ናብ ዝመጻእኩሞ ተመለሱ ንብሎም የብልናን። ምኽንያቱ ዕጥቅና ካላሽን ዘይኮነ ሰብኣውነት'ዩ ከም ዝበለ ዕለታዊት ጋዜጣ ኢጣልያ ላ ሬፑብሊካ ጸብጺባ።

እዚ ካብ ሮማ ዝተዘርገሐ ጸብጻብ፡ ከንቲባ ደሴት ላምፔዱዛ ሲኞረ ቶቶ ማርቴሎ፡ ንዓይ ፈጺሙ ዘይርደኣኒ ዘሎ ጉዳይ፡ ስለምንታዩ መንግስቲ ኢጣልያ ኣንጻር ዞም ኣዝዮም ዝተሃስዩ መሳኪን ድኻታት ስደተኛታት ክንስለፍ ዝደልየና ዘሎ? ኢሉ ይሓትት'ሞ፡ መንግስቲ ኢጣልያ መሲልዎ ደኣምበር ንሕና'ሞ ኣይንውዕሎን ኢና ድማ ይብል።

ሚኒስተር ጉዳያት ዘቤት ማቴዎስ ሳልቫኒ ዝገብሮ ዘሎ ቅኑዕ ኣይኮነን። ዘውጸኦ ዘሎ ፖሊሲታትን ብተግባር ዝፍጽሞ ዘሎን ኩሉ ምስ ሰብኣውነት ዝጓነጽ፡ ንህዝቢ ጣልያን ከኣ ዘይውክል'ዩ። ተግባራቱ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረር'ዩ። ንዝመጽእ ሓላፍነት ከኣ ባዕሉ ዝሰከሞ'ዩ ዝኸው ከም ዝበለ ጋዜጣ ላ ሬፑብሊካ ትጠቅስ።

መሰረታዊ ዕማም ካርቱም ፕሮስስ፡ መንግስታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ሰሜን ኣፍሪቃን ብሕብረት ኤውሮጳ ብዝተሰለዓሎም ገዚፍ በጃትን ዝተዋህቦም መምርሕን መሰረት፡ ኣብ ሃሃገሮም ብሰላም ምንባር ዘይከኣሉ ናይ ፖለቲካ ግፉዓት ዝኾኑ ስደተኛታት፡ ማእከላይ ባሕሪ ኣቋሪጾም ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ከይኣትው፡ ምህዳን ምክልባት ኣሲርካ ምስቓይ፡ ንጸረ ስደተኛታት ዝኾኑ ኤውሮጳውያን መወልቲ ከኣ ምሕጓስ'ዩ።

ትርጉም፡ ዓ.ኢ.

መጋቢት 2019

ድ.ሰ.ደ.ኤ. 03-04-2019